# ጋዜጣዊ መግለጺ

ተጋዳላይ ሑሴን ከሊፋ ኣቦመንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ምስ ኤርትራዊ ማእከል ዜናዊ ኣገልግሎት ዘካይዶ ጋዜጣዊ መግለጺ ዝስዕብ እዩ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ሂወት ብብርቱዕ ቅልውላው ይሕቆን ብምህላዉ ኣብ ጸድፊ ውድቀት በጺሑ ከምዘሎ ተጋዳላይ ሑሴን ኣቦመንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣረጋጊጹ። ስርዓት ኢሳያስ እቲ በዝን በትን ዝገብሮም ፖለቲካ ጸለመታት ናይ ሓዲሽ ፖለቲካ ትንሳኤኣ መግለጺ ዘይኮነስ ናይ ቅድመ ሞት ዘሎ ህሞት ዓጽረምቱ መግለጺ ምዃኑውን ገሊጹ።

ጉዕዞ ተቓውሞ ሓይልታት ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ብዙሓት ዕንቅፋታት ሰጊረን ትጽቢትን ድልየታትን ህዝብና ክምልሽ ዝኽእል ዲሞክራሲያዊ መተካእታ ንምፍጣር ዝሕግዝ ምቹእ ባይታ ዝምድምድ መድረኽ ሒዘን ምህላወን ሓቢሩ። ከምኡውን ኣብ ኣህጉራውን ዞባውን መጋባእያታት ንስርዓት ኢሳያስ ይፍዳሓእ ኣሎዋ። ስለዝኾነ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ እተፈላለየ ኩርናዓት ዓለም ዝኾነ ኤርትራዊ ጉዳያት ዝከታተሉ ወገናት ንስርዓት ኢሳያስ ብቀሊሉ ክንብቡዎን ኣብ ልዕሊኡ መርገጻቶም ክወስዱን ዝከኣለሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። እዚ ገድላዊ ውጽኢትዚ ኤርትራዊ ተቓውሞ ብቀሊል ዘረጋገጾ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ግብራውነትን ግልጽነትን ብዘይብሉ ናይ ዲሞክራሲ ኣምስሉነት ነብሱ ብምምዕ ራግ ኩሉ ዓቕምታቱ ንህዝቢ ኤርትራን ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ንምትካልን ኣቅንዑ ስለዝነበረ ሳላ ጽንዓት ህዝብና ተጋድሎታት ፖለቲካ ሓይልታቱን እቲ ዝኽወለሉ ዝነበረ መጋረጃ ክግላህ ኰይኑ እዩ። ኣብዚ ጊዜዚ ስርዓት ኢሳያስ ኣዐሪዩ ተቓሊዑን ተዳኺሙን እዩ ዝርከብ።

ብቫልእ መዳይ ሑሴን ኸሊፋ ከም ዘረጋገጾ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ጎረባብቲ ሃገራት ጣልቃ ምእታውን ኣብዚ ጊዜዚ ንሰምየ ከም ዘለናውን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይቲ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ፍሉይ ታሪኻዊ ዝምድና ዘሎዎ ህዝቢ ሶማል ጣልቃ ምእቱዉን፡ ናይ መንግስቲ ኢሳያስ ዕንደራ መግለጺ እዩ። እዚ ስርዓትዚ ምዕራይ ይኣምን እንተዝኸውን ኔሩ ነቲ ፖሊሲኡ ዝፈጠሮ ኣብ ከተማታትን ገጠራትን ኤርትራ ይረኤ ዘሎ ኩውንነት ሰንሰለታዊ ዘገምታዊ ሞት ንምእላይን ከምኡውን ነቲ ኣብ ናይ ጐረባብቲ ሃገራት መዓስከራት ስደተኛታት ዝሳቐ ዘሎ ስደተኛ ህዝብና ስቕያት መዓረየን ኔሩ።

ቐጺሉ ሑሴን ከሊፋ ብዛዕባ ጉባኤታት ዝገብራ ዘሎዋ ውድባት ኣመልኪቱ ክሳብ መወዳእታ ህልው ዓመት ኣርባዕተ ጉባኤታት ክካየድ እዩ። ክልተ ካብኣተን ተጀሚረን ኣሎዋ። ብተወሳኺውን ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ጠቕላላ ጉባኤን ሃገራዊ ዋዕላን ክስዕብ እዩ። ኣብዚ ጊዜዚ ሃገራዊ ፖለቲካ ሓይልታት ኤርትራ ኩሉ መዳያዊ ገምጋምን ክንዮ ውድቐት ስርዓት ኢሳያስ ነብሰን ምድላውን ዘኽእለና መሳርሒ ይሕዛ ኣሎዋ።

ኣብ መደምደምታ ናይቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ዘሎ ህዝብና ጽንዓት እናሞጐሰ ዓወትና ንምቅልጣፍ ንጨቋኒ ስርዓት ኣብ ምምካት ተበጉሶታቱ ንክወስድ ናይ ቃልሲ መጸዋዕታኡ ኣቕሪቡ።